# ውሻል ድለዩ

03.01.2018

ብበላይ መስፍን

ውሻል እኮ'ዩ መደልደል ናውቲ
ምሳር ከይዘልቅ ከይበኸሩ ጸረብቲ
ዕርፊ ከይዘልቅ ከይቦኽሩ ሓረስቲ
ሃገር ንኽለምዕ ክኾን ሰቲ

ውሻል የደልድል ንናውቲ ማሕረስ
ኩሉ ይታሓጋገዝ ዓውዲ ንኽሕፈስ
ንሰለስተ ይጠምር ምራን ከርፈስ
ድሕሪ እዚ ኹሉ'ዩ እቲ እኽሊ'ዩ ዝሕፈስ

እንታይ ዳኣ ንበል በየን ንደግፎ
ንህዝብና በዚሑ ካብ ዓዲ ዘጽድፎ
ብሰላም ከይድቅስ እሰሮ ግፈፎ
ዝብላዕ ከይርከብ ጥራዩ እቲ ቆፎ

ሰብደ ተሳኢኑ ነዚ ዝፍትሾ
ዝብድሉ በዚሖም ከም ሸሾ
በደል ክፍጸሙ ዝሰትዩ ኣቢሾ
መንዩታ እዚ ኹሉ ዘባላሾ

ሽማግለ ኣይሰምዑ ዝወለደ
መኺራ ኣይተሰምዐ ዝወለደት ኣደ
ዝተረግመ ኢዩ እዚኦም ዝውለደ
ግን ንህዝቢ ዝብድል ሕሰም'ዩ ዝፍደ

ለውጢ እንተተደልዩ ሰብ ድለዩ
ኣይሳኑን ኢዮም ነዚኦም ዝኣልዩ
መንፈስ እቶም ጀጋኑ ኣብ ዓዲ እንተልዩ
ሽግር ንኽይድገም ግን ሰባት ኣለልዩ

ውሻል ቦታ ድለ ዘለቅለቅ ዝበለ
ጨሪሱ ተቓላሳይ እንከይትሓለለ
ክናብ ኢዩ ሒዙና ፈጺሙ ዘይለ
ንኻሕዳይደ ይመን ዝበለ እንተበለ

ስምዓዮ ንህዝቢ ይማረር'ዩ ዘሎ
ዘለቅለቅ ንዝበለ ስረ ቀጥ ኣብሎ

ጥውይውይ ንዝበለ ናዓ በሎ
እዝንኻ ኣይትዕጾ ህዝቢ ይማረር ኣሎ

ሃገር ተባሒ.ታ ብተረግሙ
ኩሉ ኣፉ ታዓቢሉ ከብዱ ብሕሙሙ
ኣፍካ ታዓቢስካ ትም እንታይ ጠቕሙ
ተውሽሕዎ መሕመምትና ይሕመሙ

ውጽኣት ይሕዞም ንሱ እንተፈኹሱ
ብልቡን ሳንቡኡን ዘተንፍሱ
ምእንቲ ህዝቢ ከምዘይተቓለሱ
ንሱ ኢዩ ሃገሮም ንሕና ንሱ

ግን ሒንዳ የብሉን ሓደ ኢዩ ንኹሉ
ሕሰም ኢዩ ዝኸፍሎም ክንዲ ዝኸፈሉ
እንተኸፈሎም ዋጋ ዕሽነቶም እንዳኣሉ
ንጥልመቱ ኣበይ ከየስተብህሉሉ

ንብሎ ጠፋኡና ስለ ዘይስቀሮም
ንቐታሊ ይሰግዱ ዘጥፍእ ሃገሮም
ነሕዋቶም ኣብ ዓዲ እንዳኣሰሮም
ቃልስና ይድንጉ ኣሎ ብሰሮም

ክብርን ዝኽርን ንሰውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና